**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
**ፈጻሚ ኣካል**

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**
**الهيئة التنفيذية**

*ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT*
*Executive Committee*

# *ኤርትራ ሓደ ካብ'ቶም ጀጋኑ ተቓለስታ ኣፉንያ*

*ሓርበኛ ተቓላሳይ ኢብራሂም መሓመድ ኑር፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ብሰሉስ ዕለት 27.10.2020 ኣብ ሆልስፒታል ንጉስ ፋህድ ኣብ ዋና ከተማ ስዑድያ ርያድ ካብዛ ዕላም ብመስዋእቲ ከም ዝተፈለያና መሪሕነት ግሃድኤ መሪር ሓዘን እናተሰመዑ ይገልጽ።*

*ክቡር ብጻይና ኢብራሂም ምቕሉልን ብጾቱ ዘኽብርን ውፉይ ተቓላሳይ ምንባሩን፣ ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበየ ክፋል ካብ ዕድሜኦም ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ህይወቶም ዘወፈዩ ሓርበኛታት ኢዩ። ከምኡ'ውን ብጻይና ኢብራሂም መሓመድ ኑር ካብ'ቶም ልሉያት ሃገራውያን ተቓለስቲ ኣብ ስዑድያ ኮይኑ፣ ኣባል መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ጨንፈር ርያድ ከም ዝነበረ'ውን ክንዝክር ንፈቱ።*



*ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ኑር ህርኩትን ውፉይን ባእታ ብምንባሩ፣ ብንጥፈት ኣብ ክልተ ምምሕዳራት ውድብ ይዋሳእ ነበረ። ብሓደ ወገን ኣባል ምምሕዳር ቤ/ጽ ውሽጣዊ ጉዳያት ክኸውን ከሎ፣ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣባል ምምሕዳር ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤት ጽሕፈትን ሓላፊ ስርርዕ ግሃድኤ ኣብ ማእከላይ ምስራቕን ነበረ። ስዉእ ብጻይ ኢብራሂም ኣብ መትከሉ ጽኑዕ ኣብ ሃገራውን ውድባውን ጉዳያት ኣሕሊፉ ዘይህብ ብጻይ ብምንባሩ ብኹሎም ብጾት ዓቢ ኣኽብሮት ዝነበሮ ሓርበኛ ኢዩ። ስዉእ ብጻይ ኢብራሂም በዓል ሓዳርን 3 ኣወዳትን 2 ኣዋልድን ሓድጊ ገዲፉልና ካብዛ ጨካልን ዓለም ተሰናቢቱ።*

*ብመስዋእቲ ብጻይና ኢብራሂም መሓመድ ኑር ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤቱ (እሙ ዓላእ) ከምኡ'ውን ንኣከኡ ዓቢ ተቓላሳይን መራሕን መሓመድ ዑመር ያሕያን፣ ንክቡራት ደቁን፣ ንኣባላት መሪሕነት ግሃድኤ ጨንፈር ርያድን መሪሕነት ኤሃባደለ ጨንፈር ርያድን፣ ከምኡ'ውን ንኩሎም ቤተ ሰብን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ጽንዓትን ኣኻእሉን ክህበናን፣ ንተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ኑር ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ክቕበሎን ናይ ወትሩ ጸሎትና ኢዩ።*

***ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ***
***28 ጥቅምቲ 2020***